

# ዶ/ር ኣሰፋው ኣብ ቃንዛ ውጉኣትን ጸገማት ኬራትን ኣይነበርካን

ኢንቨስቲገይተር ሃይለ መንገሻ ዑቕበ
ቶሮንቶ፡ ካናዳ
መይ 30፡ 20202

**ነቲ ዶ/ር ኣሰፋው ተኸስተ ምስ ሳሙኤል ገብረሂወት ናይ ቢቢሲ ትግርኛ ዝገበሮ ቃለ ምልልስ፡ ምሳኹም ሓቢረ ውገሳዊ መጥባሕቲ (Surgery) ክገብረሉ ኢየ።**



ፎቶ 1፡ ኣብ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ኦሮታ፡ ሳሕል፡ ከምቲ ዶ/ር ኣሰፋው ዝበሎ ሓደ ዓይነት ሰብ "ተጋዳላይ" ጥራይ ኣይነበረን። "ኬር" ወይም PSW እቶም ታሕተዎት ጽቑጣት ደርቢ ናይ ማእከላይ ሕክምና ክኾኑ ከለዉ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይ ሕክምና፡ ነብሲ ወከፎም ኦፊስ፡ ከደምትን ምቑትን ሓለፉታትን ዝመልኦ ሂወት ዘሕልፉ ደርቢ ነበሩ። ኬር ኣብ ሳኒቴሽን ኮነ ሃይጅን ዝተሓረሞ ረሳሕ ህድሞ ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ንውጉእ እናሓከመት ከላ።

ዶ/ር ኣሰፋው ኣብ ቃለ ምልልሱ ከምዚ በለ፡ ". . . . . ሓደ ፍሉይ ዝኾነ ኤርትራዊ ሰብ፡ ተጋዳላይ ዝበሃል ክፍጠር ምኽኣሉ እዚ'ዩ'ቲ መሰረታዊ"።

ዘረባታት ዶ/ር ኣሰፋው፡ ኣበየናይ ፈጨው ኣበየናይ'ከ ጣቋ ቅድሚ ብውገሳ ጠባቢሕና ምርኣይና፡ ምስላዊት ካርታ ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ም'ቕራጽ ከድልየና ኢዩ።

ፈጨው፡ ኣብዚ ስነ ጽሑፍ ኮከይን ማለት'ዩ። "ኬር"፡ ታሕተዎት ጽቑጣት ደርቢ ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ነበሩ። እዚኦም ብናይ ካናዳ መምዘኒ ናይ PSW (Personal Support Worker) ንኡስ ሕክምናዊ ስልጠና ዝተዋህቦም ኣለይቲ ሕሙማን ዝነበሩ ተጋደልቲ ነበሩ።

ድሕሪ 6ይ ወራር፡ ካብ 1983 ንደሓር ኣብ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ኦሮታ፡ ዝተራእዩ ኣዎንታዊ ለውጥታት ኔሮም ኢዮም። ግና እቶም ለውጥታት ንመትከላት ሕክምና ብግቡእ ዘይተኸተሉን ንውጉኣት ኮነ ንኬራት ቀዳምነት ዘይሃቡን ገጻዊ ለውጢታት ነበሩ።

# <u>I. ካርታ ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና</u>

መጀመርታ፡ ካርታ ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ካብ ላዕሊ ጀሚረ ክሳብ ታሕቲ፡ ከመይ ከምዝመስል ቅርጺ ከንክስኩም እፈቱ።



ፎቶ 2፡ ኮሚሲዮን መፍረ መድሃኒት ኢንፊዩዥሮን እናሰርሑ።



ፎቶ 3፡ ፍቱው ተጋዳላይ ወዲ ንግሩ፡ ኣባል ኮሚሲዮን መፍረ መድሃኒት ከኒናታት እናሰርሐ። ኣብ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ኦሮታ፡ ነቶም ሳኒቴሽን ኮነ ሃይጅን ዝተሐረሞም ረሳሓት ህድሞታት ናይ ውጉኣት ብሰንጥቕ ዝጻረር ሱፐር ክሊን ሞደርን ኮሚሲዮን መፈረ መድሃኒት ንዕዘበ። ደረጃ ሳኒቴሽንን ሃይጅንን ናይ ፎቶ 1 ምስ ፎቶ 2ን 3ን ኣወዳድሩ።

ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና፡ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ናይ ሳሕል፡ ኣብ ኦሮታ ዝተባህለ ስፍራ፡ ኣብ እግሪ ዓበይቲ ሰንሰለታዊ ኣኽራናት ዝርከብ ነዊሕ ጥውይዋይ ስንጭሮ፡ ፋሕ ኢሉ ዝተሃንጸ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሆስፒታል ነበረ። እቲ ሆስፒታል፡ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ንውሓቱ 6ተ ኪ/ሜ ይኸውን።

ኣብ ውሽጢ'ዚ ነዊሕ ጥውይዋይ 6ተ ኪ/ሜ ዝንውሓቱ ስንጭሮ፡ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና፡ ከም ሰንሰለት ተኣሳሲሮም፡ ኣብኡ ተደኲኖም ነበሩ።

ኣብቲ ዝበረኸ ላዕለዋይ ጫፍ ናይቲ ስንጭሮ፡ "ሕክምና እንዳ ጽሉላት" ወይም ብባጫዊ ዘረባ "እንዳ ሜንታላት" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሕክምናዊ ፖስት ናይ ዝተጸለሉ ተጋደለቲ ነበረ። እንዳ ሜንታላት፡ ብነጩ ባህታ ዝተባህለት ገዲም ነርስ ዝእለ፡ ክትርዮ ዘጽላኣካ፡ በቃ ከርፋሕ ሕክምናዊ ፖስት ነበረ። ዶ/ ኣሰፋው ነዚ ኣይገለጸልኩምን።

ካብ እንዳ ሜንታላት ብግምት ሓደ ኪ/ሜ ንታሕቲ ምሕድግ ኢሉ፡ ኮሚሲዮን መፍረ መድሃኒት ነበረ። ኮሚሲዮን መፍረ መድሃኒት፡ ከምቲ ኣብ ፎቶታት 2ን 3ን ኣቕሪበልኩም ዘለኹ፡ ብኹሉ መለከዒታቱ ኡልትራ ሞደርን ነበረ። በቃ፡ ካብ ኒው ዮርክ ተነቒሉ፡ ኣብ ኦሮታ ዝተተኽለ ይመስል ነበረ። ግና ከመዮ ሳግላ ብላዕ ኣይትቕላዕ፡ ሓደ ኪ/ሜ ንላዕሊ ንእንዳ ሜንታላት ገጽካ ኣይትኺድ።




ፎቶ 4፡ ብክፍሊ ትምህርትን ምርምርን ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ካብ ዝሕተሙ ዝነበሩ ደብተራት ሓደ።

እቲ ንመትከላት ሕክምና ብግቡእ ዘይተኸተለ ለውጥታት ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና፡ በዞም ዝተጠቕሱ 2ተ ኣብነታት ይገሃድ። ካብ ዓይኒ ሰብ ክዉል ዝኾነ ንጹል፡ ፍጹም ከርፋሕ እንዳ ሜንታላት ምስቲ ግርምቢጥ ኡልትራ ሞደርን ትካል ፋርማሲ ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና።

ትሕቲ ኮሚሲዮን መፍረ መድሃኒት ወርድ ኢሎም፡ ዓበይቲ ነዋሕቲ ሃድሞታት ናይ ውግኣት ኣብቲ ጥውይዋይ ስንጭሮ፡ ኣብ የማነ ጸጋም ፋሕ ኢሎም ተሃኒጾም ነበሩ።

እቶም ናይ ውጉእት ህድሞታት፡ ሳኒቴሽን ኮነ ሃይጅን ዝተሓረሞም፡ ሓመድ ምድሮም፡ መንፈስ ውጉእ ዝድርቁሱ ከርፋሓት ህድሞታት ነበሩ። ኣብ ማእከል እዞም ከርፋሓት ህድሞታት፡ ሞደርን ሰርጂካል ሩም ኣብ ጸጋም፡ ምዕቡል ኤክስ ረይ ድማኒ ኣብ የማን ናይቲ ስንጭሮ ነበሩ። በቃ፡ ናይ ፊልመ ዴስነት ሃዳሙ ምስ ትካላት ሞደርኒቲ፡ ኣብቲ ስንጭሮ ጎኒ ንጎኒ ተጎዛጒዞም ነበሩ።

ካብ ናይ ፊልመ ዴስነት ሃዳሙ ትሕት ኢሉ፡ ኣብ የማን ናይቲ ስንጭሮ፡ እንዳ ማንዲብልን

ሚድዋይፍን (መሕረሲ ሕክምና) ነበረ። ያየሽ ዝተባህለት ገዲም ምኩርቲ ሓኪም ሓላፊት ናይ እንዳ ማንዲብልን ሚድዋይፍን ነበረት።

ኣብ ፊት እንዳ ማንዲብልን ሚድዋይፍን፡ ኣብ ጸጋም ናይቲ ስንጭሮ፡ ብመጠኑ ምዕብል ዝበለ ላቦራቶሪ ናይ ደምን ሽንትን ቀልቀልን ነበረ። ካብ ላቦራቶሪ ብኣስታት 100 ሜትሮ ምሕድግ ኢሉ፡ ክፍሊ ትምህርትን ምርምርን ናይ ሕክምና ነበረ። ክፍሊ ትምህርትን ምርምርን ናይ ሕክምና ዝተፈላለዩ ሕክምናዊ መጽሄታትን ደብተራትን ዘሕትም ክፍሊ ሕክምና ነበረ።

ጩራ ጥዕና ዝተባህለ መጽሄት፡ ንሓፋሽ ተጋደልቲ ዝዕደል መባእታዊ ኣስተምህሮ ጥዕና ዝህብ መጽሄት ከምኡ'ውን ኣብ ፎቶ 4 ኣቕሪበልኩም ዘለኹ ደብተር በዚ ክፍሊ ይሕተሙ ነበሩ።

ካብ እንዳ ማንዲብልን ሚድዋይፍን ትሕቲ ኢሉ፡ ሕክምና ህጻንት ነበረ። ሕክምና ህጻናት ፍጹም ዘጽላኣካ፡ ረሳሕ፡ እንዳ ሓመድን እንዳ ውጽኣትን ነበረ። ሞርታሊቲ ረይት (ደርጃ ሞት) ልዑል ስለዝነበረ፡ ብዙሓት ህጻውንቲ ይተርፉ ነበሩ።

እንዳ ህጻናት፡ መወዳእታ ታሕተዋይ ጫፍ ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ነበረ።

ኣብ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ኦሮታ፡ ከምቲ ዶ/ር ኣሰፋው ዝገለጾ ዋላ'ኳ ገለ ገለ ሞደርን ትካላት እንተነበሩ፡ ብመንጽሩ ከኣ ከም ሰገን ርእሰኻ ናብ ሑጻ ቅበር ዘብሉ ከርፋሓት ደርጃታት እውን ኔሮም ኢዮም።

ውጉኣትን ሜንታላትን ህጻናትን ከምኡ'ውን ኬራት ቀንዲ ብዱላት ናይቲ ዘይመትከላውን ዘይተማዓራረየን ደረጃታት ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ነበሩ። ብሓፈሽኡ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ኣብ'ዞም 3ተ ጉዳያት ብቐዓት ጎደል ነበረ።

1. ምልኣት ዘለዎን ግቡእን ክንክንን ዘይምሃብ
2. ብኩራት ሕክምናዊ ከተት ሳኒቴሽንን ሃይጅንን
3. ዓጸቦ ናይ መኣዛዊ መግብታት

## II. ክልተ ዓይነት ሰብ

ኣብ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና፡ ከምቲ ዶ/ር ኣሰፋው ዝገለጾ፡ ሓደ "ተጋዳላይ" ዝበሃል ጥራይ ኣይነበረን። ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና፡ ብኽልተ ደርብታት ናይ ተጋደልቲ ዝቖመ ነበረ።

ኬር፡ ታሕተዎት ጽቑጣት ደርቢ ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ነበሩ። መዓልታዊ ሂወት ኬር፡ ከም ኣድጊ ድኻም ዝመልኦ ሕክምናውን ጉልበታውን ስራሕ ዝሰርሑ፡ ምቾት ይኹን ምስትርህዎት ዝተነፍጎም ጽቑጣት ደርቢ ነበሩ።

ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ላዕለዎት ደርቢ እዚኦም ነበሩ።

1. ዶ/ር ኣሰፋው ተኽስተን ሰዉእ ዶ/ር ነርኣዮ ተኽለሚካኤልን (ሓላፍን ምክትልን ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና፡ ኦሮታ)
2. ዶ/ር ሃይለ ምሕጹን (ሓላፊ ሕክምና ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ)
3. ብርሃነ ገረዝግሄር (ኣባል ፖሊት ቢሮ፡ ዝላዓለ ሓላፊ ሕክምና ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ)
4. ወዲ በላይ፡ ኣባል ሕቡእ ሰልፊ (EPRP) ነበር፡ ልዕሊ ዶ/ር ኣሰፋውን ሰዉእ ዶ/ር ነርኣዮን፡ ዶ/ር ሃይለ ምሕጹንን፡ ብርሃነ ገረዝግሄርን ነበረ። ወዲ በላይ፡ ንመኣዛ ዝተባህለት ኬር ኣጥኒሱ ስለዝቐተላ፡ ኣብ ሓለዋ ሰውራ ተኣሲሩ፡ ዝተቐተለ ዝላዓለ መራሒ ነበረ።

እዞም ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና፡ ነብሲ ወከፎም ከመይ ዝበለ ኦፊስ፡ ከደምቲ (ክዳውንቶም ዝሓጽባ ወይ መግቢ

ዝሰርሓሎም) ዝነበሮም፣ ምቾትን ሓለፋታትን ዝመልአ ሂወት ዘሕልፉ መራሕቲ ነበሩ። ይቕሬታ፣ ዶ/ር ኣሰፋው ምስ ስዉእ ዶ/ር ነርኣዮ፣ ሓደ ኦፊስ ሸየር ይገብር ነበረ።

እዞም ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና፣ ኣኣብ ኦፊሶም ሰሙን ሰሙን በጊዕ ወይ ጤል ዘውድቑ፣ በላዕቲ ጠጥዕሙን ጽጋባን ነበሩ።

ብማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ዝውነና 80 ዝኾና ኣጣልን ኣባጊዕን፣ ብስርዓት መሮር ዘውፍረን ጓሳ ተጋዳላይ ዝነበረን ጥሪት ኔረን ኢየን።

ስጋ ይኹን ጸባ ናይዘን ጥሪት፣ ነቶም ውጉኣት ወይ ኬራት ናይ ክፍሊ ሕክምና ይባረኽ ኣይነበረን። እዘን ጥሪት፣ ስግአን ኮነ ጸብአን ብዘሎ ጸጋ ናይ ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ነበራ።

እቶም መሳኪን ውጉኣትን ጽቑጣት ኬራትን፣ ኣብ ወርሒ ሓደ ገመል እንተተሓሪድሎም፣ መን ከምኦም! እንኮ ገመል ንምሉእ ሕክምና ምስተሓርደ፣ ነብሲ ወከፍ ውጉእ ወይ ኬር ምናልባት ዓዓሰርተ ፍረታት ስጋ ገመል ይባጽሖ ይኾና።

ብኣጠቓላሊ እቶም ውጉኣትን ኬራትን ብወዲ ዓከርን ኣብ ሻንኬሎ ብዝተበጽበጸ ጎምዳዳ ናይ ረድኤት ３ይ ዓለም ጸባን ልቦም ዝጠፍኦም ነበሩ።

እዞም ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይ ሕክምና፡ ኣኣብ ኦፊሶም፡ ካብ ሽኮርን ሩዝን ድሙ ድሙ ተጸሚቑሎም ከም ድላዮም ዝሰትዩ ነበሩ።

ብርሃነ ገረዝጊሄር፡ ንኣብነት ኣብ ኦፊሱ ግላዊት VCRን TVን ነበሮ። እዚ ኣብ 1984 ዓ. ም.፡ ኣብ መላእ ኣፍሪቃ VCR ደ ፋክቶ ኣብ ዘይነበረሉ እዋን'የ ዝብለኩም ዘለኹ። ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይ ሕክምና ርውየቶም በቃ ወሰን ኣይነበሮን። ብሂወት እንተልየን በዓል "ሓቦኛ" ወይ "ጓል ባቃ' ዝበሃላ ጭቑናት ኬራት ክምስክሮኦ ዝኽእላ ጭቡጥ ሓበሬታ ኢየ ዘቕርበልኩም ዘለኹ።

ዶ/ር ኣሰፋው ኣብ ቃንዛ ውጉኣት ኮነ ጸገማት ኬራት ናይ ማእከላይ ክፍሊ ሕክምና ኣይነበረን። ተትነብርስ፡ እቲ ንፋርማስን ንጥረ ነገራትን ዝሃልኽ ዝነበረ ማእለያ ዘይነበሮ ዶላራት፡ ነቶም ውጉኣት፡ ቶኖኮ ዝተወቅዑ፡ ጻዕዳ ቦያ ዝተቖብኡ፡ ሳኒቴሽንን ሃይጅንን ብጥንቃቐ ዘማልኡ፡ መንፈስ ውጉኣት ዘሐድሱ፡ ብሕክምና ሰሪቲፋይድ ዝኾኑ ህድሞታት ክህነጸሎም፡ ዶ/ር ምተማጎተ ኔሩ።

**ንውጉኣትን ንሜንታላትን ንኬራትን መኣዛዊ መግብታት ብስርዓት ምምጋብ፣ ከም መትከል ሕክምና ክደፍኣሉ ምተገብኦ ኔሩ ዶ/ር። ቀደም ኣብ ኦሮታ ሕጆ'ውን ኣብ ካሊፎርኒያ።**


[**Com Links**]()
**Haile Menegesha Okbe**
**Toronto, Canada**

**Phone: (416)-858-9305**
**Email: haileokbe@yahoo.com**
**FB: Haile Menegesha Okbe**
**What's App: Haile Menegesha Okbe**


---

**Haile Menegesha Okbe's input for Deqebat regarding Dr. Asefaw Tekeste Interview with BBC News Tigrinya, hosted by Samuel Gebrehiwet. May 23, 2020**